# ኣብ ወፃኢ ዉሽጢዓድን ንእትነብሩ ክቡራት ተወለድቲ ኢሮብ
# <u>ኣብ ዘለኹሙዎ</u>

**ዋኒኑ፦** <u>ንዝጀመርኩሙዎ ፅቡቅ ስራሕ ምምስጋንን ኣመሰራርታ ማሕበር ልምዓት ኢሮብን ምግላፅ ይምልከት</u>

- ህዝብና ብሰንኪ ተደጋጋሚ ድርቅን፣ አፀጋሚ መልከዓ-ምድራዊ ኣቀማምጣን ብሰንኪ ተከታታሊ ናይ ውሽጥን ደገን ኩናታትን እዚኦም ዝወለድዎ ተፀባይነትን ድሕረትን ካብ ድኽነት ንምውፃእ ዝገብሮ ፃዕሪ ዝታሓላለኽን ከቢድን ገይሩዎ ይርከብ። ስለዘኾነ እዚ ተረዲእኹም ኣብ ወጻኢ እትነብሩ ተወለድቲ ኢሮብ ብተበግሶ ግዱሳት ኢሮበቶተ ናይ ስልኪ ኮንፈረንስ ብምክያድ ሓደ ኾይና ንህዝብና ንሓገዝ ዝብል መደምደምታ ብምብፃሕ 7ተ ኣባላት ዘለውዋ ኮሚቴ ብምጥያሽ እዛ ኮሚቴ ሒዛቶ እትመፅእ መበገሲ ሓሳብ መሰረት ብምግባር ናብ መደምደምታ ንምብፃሕ ን2ይ ግዜ ቴለ ኮንፈረንስ አዳልኹም ምህላውኩምን ምስዚ ተታሓሒዙ ኣመሰራርታ ኩነታትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብን ከመይ ከምዝኾነ ብዘቕርብኩሙልና ሕቶ መሰረት ብምግባር ዝፃሓፍ ዘሎ ደብዳቤ'ዩ።
- ኣብ ወፃኢ እትነብሩ ተወለድቲ ኢሮብ ንልምዓት ሓድኹም ዘለኩም ስሚዒት ይፍለጥ'ዩ። ሕፃውንቲ ኣሕዋትና ብቋንቋኦም ክማሃሩ ዘበርከትኩሙ፣ ንክዋክብቲ ተምሃሮ ኢሮብ ንምሽላም እትገብሩዎ ፃዕርን ወፈያን ንህዝቢ ኢሮብ ኣብፅሕናልኩም ኢና። ተምሃሮ ኢሮብ ድማ ብኣኻትኩም ተሓቢና ዝለኣኩሙዎ ገንዘብ በሒኡና'ዩ ክንብርትዕ ኢና ኢሎሙኩም አለዉ።
- በዚ መሰረት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መደብኩም ዕዉት ክኸውንን ቐፃልነት ክምዝህልዎ ተስፋ ብምግባር ንዝጀመረኩሙዎ ስራሕ ዝለዓለ ክብርን ናእዳን እናገለፀት ንእትልእኹዎ ገንዘብ ሳንቲም ከይቐነሰት ናብ ተጠቃሚ ከምእተብፀሐልኩም ኽነረጋግፀልኩም ንፈቱ።
- ንዝሓለፉ 10ተ ዓመታት ኣብ ስራሕ ዝፀንሐት  ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብኸመይ ከም እተመስረተትን  ዕላማኣን ዝሰርሓቶም ስራሕቲን ሕፅር ብዝበለ መልክዑ ምስዚ ደብዳቤ ኣታሓዚዝና እናለኣኽና እትሰርሑዎም ስራሕቲ  ብመንገዲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክትገብሩዎ ንዕድመኩም ።

ምስ ሰላምታ

ሓጐስ ፀጋይ

*ዳይርክተር ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ*
***ኣመሰራርታ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ***

- *ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ተወለድቲ ኢሮብ ተወዲቦም ፀገም ህዝቦም ንምፍታ ብዙሕ እናተንቀሳቐሱን ብኸመይ እንተተወደብና ይሓይሽ ብምባል በብወገኖም እናተዛተዩ እናሀለዉ ብ*1990 *ዓ.ም ሃንደበታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተኸሲቱ ህዝብና ንኸቢድ ፀገምን ሞትን ምብትታንን ተጨዊዮም ዝተወሰዱ ወገናትና ሃለዋቶም ዘይፍለጠሉ ኩነታት ተፈጢሩ ድሕርቲ ኲናት ህዝብና እግረ ክተክል ዝተፈላዩ ምንቅስቃሳት እናተገበረ እናሃለወ ዝተሸበሩ ኣባ ተስፋይ በራኺ ካብ ኣመሪካ ብ*1994 *ዓ.ም መወዳእታ ከባቢ ብምምፃእ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ናይ ሙሁራት ኢሮብ ውዳብ ነመስርት ብምባል ኣብ መቐለ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ግቢ የዘራርቡና'ሞ እቲ ሻዑ ዝነመበረ ታኣካባይ ኣተሓባባሪት ኮሚቴ ንምረፅ ብምባል እዞም ዝስዕቡ ሰባት መበገሲ ሓሳብን መታሓዳደሪ ደንቢ ኣርቂቖም ክመፁ ተመሪፆም፦*

1. ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሳይ - *መማኸሪ ናይቲ ኮሚቴ*
2. ኣይተ ካሕሳይ ደበሱ
3. ኣይተ ተስፋይ ገብራይ
4. ኣይተ ኣብርሃ ስብሓት
5. ኣይተ ሃይለማርያም ዮውሃንስ
6. ኣይተ ሓጐስ ፀጋይ

- *እዛ ኮሚቴ ድማ*
  1. *ሓጐስ ፀጋይ ኣካቢ*
  2. *ካሕሳይ ደበሱ ፀሓፊ ብምግባር ካልኦት ኣባለት ኮይኖም ክሰርሑ ወሲና።*
- *እዛ ኮሚቴ እዚኣ በቲ ሽዑ ግዜ ናይ ሙሁራት ማሕበር ካብ እንብሎ ንጠቕላላ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ክጥርንፍ ዝኽእል ውዳበ ንመስርት ብምባል ዝተፈላለዩ ሽማት ፕሮፖዛል ብምሓዝ ዕላማ ናይቲ ማሕበርን መታሓዳደሪ እቲ ማሕበር ኣብ ሓፃር ግዜ ቐትርን ለይትን ብምስራሕ ብ*1994 *ዓ.ም ወርሒ ነሓሰ ኣጠናቒቓ ናብ ተወልድት ኢሮብ ነበርቲ መቐለ ተቕርብ። ካብቶም ቐሪቦም ዝነበሩ ሽማት ምስቲ ናይ ሽዑ ዝነበረ ፀገም ክገልፅ ዝኽእል ተባሂሉ ዝተመረፀ "ማሕበር ሕወየትን ልምዓትን ኢሮብ" (ማሕልብኢ)* (Irob Nationality Rehabilitation and Development Association (INRDA) *ዝብል ማሕበር ብዕለት* 25/*መስከረም* 1995 *ዓ.ም ተመስሪቱ። ነዚ ማሕበር ዝመሰረቱ ነበርቲ ከተማ መቐለ ዝስዕቡ'ዮም፦*

1. ኣይተ ደስታ ተስፋይ -(ደስታ ኢሮብ) ካብ ሓረዘ
2. ክቡር ኣባ ምስግና ወልዱ -እዳ-ቦኸነይቶ
3. ኣይተ ፍትዊ ምስገና "
4. ኣይተ በርሀ ሃይለማርያም "
5. ሲ/ር መድህን ተስፋይ "
6. ኣይተ ጠዓመ ማሐሪ -እንዳል-ገዳ
7. ኣይተ ኣሰፋ ተሰማ "
8. ኣይተ ሓጐስ ምራጭ -እዳ ቦክነይቶ
9. ኣይተ ተስፋይ ገብራይ "

10. ኣይተ ኣስገዶም በርሀ "
11. ኣይተ ካሕሳይ ደበሱ -ዓሳባላ (አራዕ)
12. ኣይተ ሃ/ማርያም ዮሃንስ- እዳ-ቦኽነይቶ
13. ወ/ሮ ትብለፅ ገብራይ "
14. ኣይተ ጋይም ወልደጊዮርግስ "
15. ኣይተ ሓጐስ መደህን "

ሓዚ'ውን መሰረት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዞም ላዕሊ ዝተጠቐሱ'ዮ።

- *ዕላማ ናይዚ ማሕበር ድማ፦*

1. ናይ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎት ስራሕቲን ብምስራሕ ድኽነት ምንካይን መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽን
2. ባህልን ቋንቋን ቅርስን ብ/ሰብ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን'ዮም

እዞም ዕላማታት ብምሓዝ ኩሉ ተወላዲ ኢሮብ ኣባል ክኸውንን ፈታዊ ህዝቢ ኢሮብ ድማ ታሓባባሪ ኣባል ክኸውን ከምዝኽእል ኣብ ሕገ-ደንቢንመመሰርቲ ዕሑፍን ብምቅማጥ ናይ ኣርማ ዲዛይንን መረፃን ካልኦት ሕጋዊ ስራሓቲ እናተሰርሐ ድሕሪ ምፅናሕ ብዕለት 8/11/95 ዓ.ም ኣብ ትርፌ ዘይተመሰረተ ናይ ልምዓት ማሕበር ኮይኑ ብቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ተመዝጊቡ እናሰርሐ ፀኒሑ ዳሓር ግና እቲ ናይ እግረ ምትካል ስራሓቲ እናተወደአ ምስከደ እቲ ሽው ዝነበረ ኣማራርሓ ምስ ግዜን ኩነታትን ዝኸይድ ሽም ይሃልዎ ብምባል እዚ ሓዚ ዝዕዋዐሉ ዘሎ ሽም ማለት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ) Irob Development association (IDA) ዝብል ሽም ክህልዎ ኣብ 1ይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዕለት 24/6/98 ዓ.ም ፀዲቑ ይስራሓሉ ኣሎ።እቶም ቐደም ዝተሃተሙ ደረሰኛት ድማ ክሳብ ሓዚ ኣብ ስራሕ ኣለዉ። ማልኢ 3ተ ጉባኤታት ኣካይዳ ኣላ 1ይ ቦረደ ሊቀመንበር ሓጐስ ምራጭ እንትኸውን ናይ 2ይ ጉባኤ ቦርድ ሊቀመንበር ድማ ካሕሳይ ደበሱ ነይሩ ኣብ 3ይ ጉባኤ ድማ ሓጐስ ፀጋይ ናይ ቦርድ ሊቀመንበር ኮይኑ ተመሪፁ ኣብ ስራሕ ይርከብ። ኣብ ኩሎም ጉባኤታትና ዝነበሩ ኣማራርሓ ቦርድ ምግላፅ ኣድላይ እኳ እንተኾነ ግዜ ንምቑጣብ ሓዚ ዘለዉ ኣማራርሓ ቦርድ 13 ኾይኖም ዝስዕቡ'ዮም፣


1. ኣይተ ሓጐስ ፀጋይ - ቦርድ ዳይርክተር
2. ኣይተ ፀጋይ ሱባ - ም/ቦርድ ዳይርክተር
3. ኣይተ ደሳለኝ ጊደይ - ፃሓፊ ቦርድ
4. ኣይተ ወልደማሪያም ብስራት - ኣባል
5. ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ - ኣባል
6. ኣይተ ኢያሱ ምስግና - ኣባል
7. ማዓዛ ደበሳይ - ኣባል
8. ኣይተ ሱባጋድስ ተስፋይ - ኣባል
9. ኣይተ ሓጐስ ዮሃንስ - ኣባል
10. መ/ር ፍሱሕ ገብራይ -ኣባል
11. መ/ር ሃይለ ተስፋይቀ -ኣባል

12. ኣይተ ሕሉፍ ወ/ስላሴ -ኣባል
13. ዋሴ ስብሓት ኣባል - ኣባል እዮም።

**ራኢ** ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ድማ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ድንቁርናን ዘተላቒቐ ዘላቒ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝነገሰላ ኢሮብ ምርኣይ።

**ክኡክ** ኣብ ዓዲን ወፃኢን ዘለዉ ተወልድትን ፈተውትን ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ፅላል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምውዳብ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሓቲ ኣብ ባህልን ቋንቋን ት/ቲን ጥዕናን ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን መደባት ብምስታፍ መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ክማሓየሽን ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጥንክርን ምፅዓር'ዩ።

### ቅርፂ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ



- ማሕበት ልምዓት ኢሮብ ኣብ 3ይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ዝፀደቐ ናይ 3ተ ዓመት ስትራተጅን ትልሚን ኣሎዋ።
- ሓዚ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዞም ኩሎም ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ክትፈጥር ስለዘይከአለት ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ፅሬት ትምህርትን ቋንቋን ባህልን ኣድሂብና ክንሰርሕ ብዝወሰኖ መሰረት ኣብዚ መዳይ ቱክረት ሂባ ኣብ ምንቅስቓስ ትርከብ።

- ሓፈሻዊ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ 2ተ ኢዮም

1. ህዝብ ኢሮብ ድኽነትን ድንቁርናን ንምጥፋእ ዝገብሮ ፃዕሪ ምሕጋዝ
2. ቋንቋን ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን እንትኾኑ፤

ዝርዝር እንትብሉ ድማ (ዝርዝር ዕላማታት)

1. ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ብምስራሕ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ድኽነት ክቕነስ ምግባር።

2. ድኽነት ንምጥፋእ መሰረቱ ማሃይምነት ምጥፋእ ስለዝኾነ ፅሬት ት/ቲ ብምርግጋፅ ኢሮብ ብት/ቲ ሞደል ምግባር።

3. ቋንቋን ባህንልን ህዝቢ ኢሮብ ብምዕቃብን ብምምዕባልን ህዝቢ ኢሮብ ተጠቃማይ ቋንቋኡ ክኸውን ምግባር ምዕቡል ባህሊ ዓለምለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።
4. ናይ ስራሕ ባህሉ ምዕቡል ዝኾነን ዓዱን ህዝቡን ዝፈቱ መንእሰይ ክፍጠር ፃዕሪ ምግባር።
5. ኩለመዳያዊ ናይ ባህሪ ለውጢን ዘበናዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሕብረተሰብ ምፍጣር።
6. ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ምጥንኻር ነንባዕሉ ክከባበርን ምስ ካልኦት ህዝብታትን ተኸባቢሩ ኸለምዕ ዘኽእል ኩነታት ክፍጠር ምፅዓር።
7. ባህላዊ ሓድግታት ኢሮብ ክዕቀቡን ሃገርለኸን ዓለምለኸን ኣፍልጦ ንክረኽቡን ንግልጋሎት ኣብ ቱሪዝምን ንኽውዕሉ ምግባር።
8. ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ክረጋገፅ ምግባር
9. ጢዒናኡ ዝሓለወ ሕ/ሰብ ንምፍጣር ህዝብና ካብ ክከላኸሎም ዝኽእሉ ከም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዝበሉ ሕማማት ንባዕሉ ክከላኸልን በዚ ሕማም ንዝተጠቕዑ ኣሕዋትና ግቡእ ክንክንን ድጋፍን ምግባር።
10. ስነ-ቃልን ታሪኽ ህዝቢ ኢሮብን ብፅሑፍ ናብ ወለዶ ክማሓላለፍ ምግባር።
11. ፅሬት ት/ቲ ንምርግጋፅ ሞራለዊ፣ ሞያዊን ማተሪያላውን ሓገዝ ምግባር።
12. ቋንቋ ሳሆ ፅሬቱ ብዝሓለወ መንገዲ ኣብ ኣብያተ ት/ቲ ክዋሃብ ምሕጋዝ።
13. ምዕራይ ኣፃሓሕፋ ቋንቋ ሳሆ ክህሉን ነዚ ዝሕግዙ ስራሓቲ ምስራሕን ምሕጋዝን።
14. ከየንትን ደረስትን ኢሮብ ብሓሳብ፣ ብገንዘብን ብሞራልን ብምሕጋዝ ቋንቋን ባህልን ኣብ ዕባይ እጃምና ምፅዋት።
15. ቋንቋ ሳሆ ናይ ሚድያ ሽፋን ንኽረክብ ምስ ዝምልከቶም ብሙኻን ፃዕሪ ምግባር።

16. ብትምህርቶም ፀብለልታ ዝርኣዩ ተምሃሮ ብምሽላም ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ምምፃእ እጃምን ምውፃእ።ናብ ኩሉ ኸባቢ መሰረተ ልምዓት ክበፅሕን ህዝብና ተጠቃሚ ፅሩይ ዝስተ ማይ ክኸውን ምፅዓር።
17. ህዝብና ተጠቃሚ ዘበናዊ መላ ኣጠቓቕማ እንስሳን ውፅኢት እንስሳን ክኸውን ምድጋፍን መዓር ኢሮብ ዓለምለኸ ተፈላጥነት ክህልዎ ምግባር።
18. ኩሎም ሽንጭሮታት ኢሮብ ብምግዳብ ዓቕሚ ማይ ከርሰ-ምድርንዝ ዝዕሊ ምድርን ኸዓቢ ምግባር
19. ፍሉይ ብልሓት ኣገዳድባ ኢሮብ "ሰጣን ማዱዋ" ዓለምለኸ ኣፍልጦ ኸእልዎ ፃዕሪ ምግባር።
20. ብሓባር ብምስራሕ ሓባራዊ ለውጢ ክምዝመፅእ ብምርዳእ ህዝብና ተወዲቡ ኣብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ክዋሳእ ምግባር።
21. ዓድና ንምንባር ምቹውቲ ክትኸውን ናይ ተፈጥሮ ምሕዋይ ስራሕቲ ትኩረት ተዋሂቡ ክስራሕ ምሕጋዝ።
22. ህዝብና ምብኻን ኣወጊዱ ቁጠባ ክለምድ ብምግባር ብቁጠባ ዓርሱ ዝኽእለሉ ኩነታት ምፍጣር።
23. ተፀባይነትን ስደትን ዝፅየፍ ሕብረተሰብ ክፍጠር ምፅዓር።
24. መንእሰይ ወለዶ ታሪኽን መቁር ባህልና ክርዳእን ክዕቅብን ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ምክእኣልን ምክብባርን መሰረት ዝገበረ ፅብየት ክህሉ እጃሙ ከወፊ ምፅዓር።
25. ኣብ ዝሓፀ እዋን ድኽነትን ድሕረትን ካብ ምድሪ ኢሮብ ምውጋድ'ዮም

- እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዕላማታት ንምስኻዕ ስፉሕቲ መደባት ሒዝና ኣብ ምንቅስቃስ ካብዚኦም ዝተወሰኑ ንምጥቃስ፦

1. ኹሉ ተወላዲ ኢሮብ ኣብ ወፃእን ዓዲን ዘሎ ኣባል ናይ ምግባር መደብ ንምስኻዕ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ልዕል10,000 ክበፅሑ ምርግባር።

2. ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወፃእን ናይ እቶት መተኣኻኸቢ መደረኻት ብምክያድ እቶትና ብምዕባይ ኣብ ልምዓት ዓድና እጃምና ምብርካት።
3. ብቋንቋ ሳሆ ንልዕሊ 300 ዝኾኑ ተወለድቲ ኢሮብን መምህራን ስልጠማ ምሃብ።
4. ብቋንቋ ሳሆ ቐፃላይ ሕቶን መልስን ውድድር ኣብ ወረዳ ብምክያድ ንብሉፃት ተምሃሮ ምሽላም።
5. ተኸታታሊ ዋዕላታት ብምክያድ ህዝብና ኣብ ስራሕን ኣብ ብኽነትን ናይ ባህሪ ለውጢ ኸምፅእ ምግባር።
6. ኽረምቲ ኽረምቲ ናይ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ ብቐፃልነት ኣብ ወረዳ ናይ ት/ቲ ሓገዝ (ትቶሪያል) ክህቡ ምግባር።
7. ኣብ ኩለን ቤት ትምህርታት ኢሮብ ካብ 5-12 ክፍሊ ልዕሊ 90 ዘምፅኡ ተምሃሮ ምሽላ።
8. ፅቡቕ ውፅኢት ዘምፅኡ መምህራንን ኣብያተ ትምህርትን ምሽላም
9. 300 ደገፍቲ መፃሕፍቲ ንኣብያተ ት/ቲ ምሃብ ፅጉማት ናይ 2ይ ብርኪ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ምሕጋዝ።
10. ዝለዓለ ውፅኢት ዘለዎም ተምሃሮ ዩንቨርስቲ ምሽላም ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ቱኽረት ምሃብ።
11. ካሰት ንዘሕትሙን መፅሓፍ ንዝፅሕሑፉን ተወለድቲ ኢሮብ ብማተርያል ብሞራልን ምድጋፍ፤

12.ፅሬት ት/ቲ ንምርግጋፅ ንናይ መዋእለ ህፃናት መምህራን ስልጠና ብምሃብ ምስ ወረዳ ብምትሕብባር ኣብ ኩለን ኣብያተ ት/ቲ ወረዳና መዋእለ ህፃናት ክህሉ ምግባር።
13.ብተምሃሮ ዩንቨርስቲ ኣቢልካ ናይ ስደት ሕማቅነት ዝገልፅ መብርሂ ብተኸታታሊ ን2ይ ብርኪ ተምሃሮ ምሃብ።
14. ናይ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ እንትወፍሩን እንትምለሱን ምሳኣቶም ዘተ ምክያድ።
15. ስፖርተኛታት ኢሮብ ምድጋፍ።
16.ቋንቋና ናይ ሚድያ ሽፋን ክረክብ ፃዕሪ ምግባር።
17.ምስ መናእሰይ ዋዕላ ብምክያድ ናይ ባህሪ ለውጢ ከምፅኡ ምፅዓር።
18.ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ዓዲግራት፣ ደውሃንን ወፃእን ቤት ፅሕፈት ምኽፋት ወዘተ..።

ክሳብ ሐዚ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ሕፅር ብዝበለ ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ

1. ማሕበር ኢኮኖሚያዊ ኩነታተ ህዝቢ ኢሮብ ዝገልፅ ዶኩመንተሪ ፊልም ምስ ኣቶ ኣለም ተሰማን ምምሕዳር ወረዳ ኢሮብን ብምኻን ተሰሪሑ።

2. ኣብ ደገ ዝነብሩተወለድቲ ኢሮብ ብዝሃብዎ ሓገዝን ኣባ ኣብርሃም ሃይሉ ብዘምፅእዎ ሓሳብን ፊደል ቋንቋ ሳሆ ት/ቲ ብቋንቋ ሳሆ ክወሃብ ዝለዓለ ኣብርክቶ ገይሩ።
3. ክሳብ ሐዚ ልዕሊ 400 መፃሕፍቲ ን2ይ ብርኪ ደውሃን ሓገዝ ተገይሩ።
4. ን2ይ ብርኪ ደውሃን ተምሃሮ 12ተ ክፍሊ መምሃሪ መፅሓፍ ምስሓፀሮም ፎቲ-ኮፕ ተገይሩ ተጠሪዙ ኹሉ ዓይነት መፅሓፍ ክብፅሖም ተገይሩ።
5. ኣብ ዝሓለፉ 3ተ ተኸታተልቲ ዓመታት ብብዓመቱ ልዕሊ 200 ተምሃሮ ዩንቨርስቲ ክረምታዊ ት/ቲ ኽህቡ ተገይሩ እዚ ቐፃሊ'ዩ።
6. ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት ካብ 5-12 ዝማሃሩ ማእኸላይ ውፅኢቶም ልዕል 90 ዝኾኑ ብብዓመቱ 60 ኽዋኽብቲ ብጠቕላላ 120 ተምሃሮ ኢሮብ ልዕሊ 600 ወለድን ሓለፍቲ ኣብዘለውሉ ነንሕድሕዲኦም ብር 600.00 ኣብ ባንኪ ኽኣትወሎም ተገይሩ ቀፃሊ'ዩ።
7. ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት በብዓመቱ 15 ናይ መንግስቲ ዩንቨርስቲ ብሉፃት ተምሃሮ ልውል ነጥቢ ዘለዎም ብጠቕላላ 31ተምሃሮ ነንሕድሕድኦም 3600 ኽሽለሙ ተገይሩ ቐፃሊ'ዩ።
8. ኣብ ዝሓለፉ 2ተ ዓመታት 30 ፅጉማት ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ 2ይ ብርኪ ደውሃን ገዛ ኽራይ ዝኸውን ብር 2000.00 እናተሓገዛ'የን።
9. ልዕሊ 13 ካሴታተ ብጉጅለን ብውልቀን ዝተሓተማ ደርፍታት ኢሮብ ብሓገዝ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ታሓቲምን ኣለዋ።
10.ንሕርይቲ ጋንታ ስፖርት ኢሮብ 36,000.00 ብምሃብ ማልያን ጫማን ሸሊማ።
11.ንፅዕል 200 መምህራን ስልጠና ቋንቋ ሳሆ ተዋሂቡ።
12.ብዙሓት ተምሃሮ ዝሳተፉሉ ውድድር ቋንቋ ሳሆ ተኻይዱ
13.ፅሬት ት/ቲ ንምርግጋፅ ን5ተ ናይ መዋእለ ህፃናት መምህራን ናይ ዓመት ስልጠና ክረኽባ ብምግባር ኣብ 5ተ ጣብያታት መዋእለ ህፃናት ት/ቲ ክጅሙሩ እጃምና ኣወፊና።
14.ንባህሊ ኢሮብ ሙሉእ ባህላዊ ኽዳን ክዲናዮም።
15.ንባህሊ ኢሮብ ናይ መዘቃ መሳሪሒኦም ፀጊናሎም።

16. ንናይ ኣዋሳ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ ብሓገዝ ንግዱሳት ተወልድቲ ኢሮብ ዳኒኤልን ተስፋይ ዓዱማን ልዑል ኣስተዋፅኦ ዝገበሩሉ ንናይ ብሂር-ብሄረሰባት መዓልቲ መርኣይ ባህላዊ ክዳውንቲ ታዓዲጉሎም።
17. ብቋንቋ ሳሆ ናይ ረድዮ ፕሮግራም ክኸፈት ምስ ወረዳ ብሙኳን ኣስተዋፅኦ ገይርና ስልጠና ጋዜጤኛታትን ሞባይል ቆፎ ረድዮን ቲብን ናይ ዓመት ሞባይል ካርድ ክፍሊት ንሓደ ጋዜጠኛ ክዋሃብ ተገይሩ።
18. ኣብ መቐለን ዓዲግራትን ናይ እቶት ምትእኽኻብ መድረኻት ኣካይድና።
19. ኣብ መቐለ፣ ዓዲግራት፣ ኣ-ኣበባን ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ኸፍትና ኣሎና። ኣብ ወፃኢ ይተርፈና'ዩ።
20. ብ20,000 ናይ ኣባይ ቦንድ ገዚኢና ኣሎና።

*ኣብ 2ተ ጉዳያት ቱኽረት ሂብና እናተንቀሳቐስና ኢና ትምህርትን ቋንቋን ባህልን

- ናይ ት/ቲ ማሓውርና ቅድም ክብል ሕሉፍ ወ/ሰላሴ ዝመርሓ ዝነበረ ሓዚ ብምኽንያት መገሻ ሃውኩ ረዳ ክመርሓተገይሩ ኣሎ።

  Irob Scholarship Education and support Program

  1. ሃውኩ ረዳ -መተሐባበሪ
  2. ካህሳይ ደበሱ -ምክትል መተሐባበሪ/መቐለ ወኪል
  3. ሕሉፍ ወ/ስላሴ -ናይ ምስራቕ ኣፍሪካ ወኪል
  4. ዳኒኤል ዓዱማ - ካናዳን ኣውስትራዊያን ወኪል
  5. ሓጐስ ገብራይ - ናይ አመርካ ወኪል
  6. ዚያደ ሃይሉ - ናይ ኣዲስ ኣበባ ወኪል
  7. ዳንኤል ወ/ማርያም - ኣውሮፓ ወኪል
  8. ኢድሓኖም/ተስፋይ ዓዱማ - ኣባል
  9. ኣለማ ጊደይ - ኣውሮፓ እንትትኮኑ
  10. ኣይተ ስዩም ዮሃንስ (ቦልታ) -Communication officer

  ኣብ ዓዲግራት መታሓበርቲ እዞም ዝስዕቡ'ዮም

  1. ሓጐስ ተሰማ
  2. ሲ/ር ካሳ ዝግታ
  3. መኮነን ቡላድ
  4. ኣሰፋ ሓድጉ
  5. መብራህቶም ተሰማ
  6. ሓጐስ ጉዕሽ
  7. ዳኒኤል ዝግታ
  8. ኣይተ ግርማይ ዘውደ
  9. ምስግና ዘገየ

ዝመርሑዎ ኾይኑ ትልምን ፈፃመን ተዳሊዩ ስለዘሎ ክልቀቐልኩም'ዩ። ኣብ ቐረባ እዋን ተሳትፎኩም ንፅበ።

ናይ ባህልን ቋንቋን ክፍልና ብመምር ሃይለ ተስፋይ ይምራሕ

ጋጢሙ ፀገማት

1. ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛ ዘይምህላው
2. ብነፃን ብትርፊ ሳዓትን ዝስራሕ ስራሕ ሙኳኑ
3. ፀገማት ህዝብና ብዙሕ እናሃለወ ዓቕሚ ፋይናንስና ትሑት ሙኳን
4. ኣባላት ቦርድ ኣብዝተፈላለ ቦታ ምኳን
5. ናይ ጨንፈር ኮሚቴታት ምድኻም
6. ኣብ ወፃኢ ጨንፈር ቤተ ፅሕፈት ዘይምኽፋት ወዘተ..'ዮም።

ስለዚ ሓደ ኾይና ፀገም ህዝብና ንምፍታፍ ንረባረብ ኩሉ ኢሮቦታይ ኣባል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክኸውን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፃውዒታ ተቐርብ።

ምስ ሰላመታ

ሓጐስ ፀጋይ
ዳይረክተር ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

***Divided we fall, united we stand!***

ጥሪ 2006/2014

ቅዳሕ፣

- ንኹሎም ኣባላት ቦርድ
- ንኽፍሊ ትምህርን ስኮለርሽፕን ኣማራርሓ
- ንኹሎም ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ኢሮቦቶት